TIGRINYA



# ሓበሬታ ወለዲ

## መጥቃዕቲ ዓበቕ (ስካቢስ / Skabies)

**ዝኸበርኩም ወለዲ፣**

ኣብ ናይ ሓባር ትካልኩም ቆልዓ /ቆልዑ ብመጥቃዕቲ ዓበቕ ሓሚሞም ኣለው። መጥቃዕቲ ዓበቕ (ክረትሰ/Krätze) ብናይ ስካቢስ ሚልበ/ማይት (ደቂቕ ዓይነት ሓሰኻ) ዝላገብ ሕማም ቆርበት ሰብ እዩ። ብሕልፊ ኣብ ጸቢብ ቦታ ብሓንሳብ ዝነብሩ ሰባት፣ ኣብኡ ማይትስ ክዝርግሑ ይኽእሉ። ስለዚ ብዙሕ ግዜ ናይ ቆርበት ሕማማት ክቕልቀሉ እዮም፣ ብሕልፊ ኣብ ናይ ሓባር መቕመጢታት። ንቡር ዓይነት መጥቃዕቲ ዓበቕ **ብቀጥታዊ ሓድሕድ ርክብ ቆርበት ንብውሕዱ 5 ክሳብ 10 ደቓይቕ** ዝጸንሕ እዋን (ንኣ. ብሓንሳብ ምድቃስ ኣብ ዓራት፣ ምድርራዝ፣ ምጥባው፣ ምክንኻን ኣካላት ንኣሽቱ ህጻናት/ ሕሙማት) ክመሓላለፍ ይኽእል **(ጥራይ ብኢድ ሰላም ምባል ክላገብ ኣይክእልን!)**። ኩሎም ዝተላገቡ ቆልዑ ንክንርከቡ ሓግዙ ኢኹም፣ ጥራይ ብኽምኡ ምዝርጋሕ እዚ ሕማም ብቕልጡፍ ክግደፍ እዩ። ኩሉ ሰብ ክሕዞ ይኽእል – ዋላ ዝተኸናኸኑ ሰባት – ስለዚ ሕፍረት ኣየድልን እዩ!

### ሓደ ርክብ ዝገበረ ሰብ እንታይ ክስተውዕል ኣለዎ፧

**ቀጥታዊ ርክብ ኔሩኒ፦**

ንስኹም/ ቆልዓኹም ምስ ሓደ ብመጥቃዕቲ ዓቖብ ዝሓመመ ሰብ ቀጥታዊ ርክብ እንተ ኔሩኩም፣ ንስኹም/ ቆልዓኹም ነቲ ናይ ዓቖብ ማይትስ፣ ዋላ ስምዒት ናይ ምልክታት ሕማም ከይሃለወኩም፣ ናብ ካልኦት ሰባት ከተመሓላልፉ ትኽእሉ (ኣብ መንጎ ልበዳን መጀመርታ ሕማምን ዘሎ እዋን 2 ክሳብ 6 ሰሙናት እዩ ዝኸውን)። ስለዚ መርመራ ብሓኪም ክፍጸም ኣለዎ። እዚ ሓኪም ሽዑንሽዑ ሓደ ከልካሊ ፍወሳ ክእዘዝ እንተዘድሊ ክውስን እዩ።

**ቀጥታዊ ርክብ ኣይነበረንን፦**

ንዓኹም/ ንቆልዓኹም ነዚ ዝስዕብ ምክልኻል የድሊ'ዩ፦

- ዳርጋ 5 ክሳብ 6 ሰሙን ብርቱዕ ርክብ ቆርበት ምውጋድ
- ኣብ ሽዑ እዋን ምልክታት ሕማም ምዕዛብ ከምኡ'ውን
- ቀዳማይ ምልክት ናይ መጥቃዕቲ ማይትስ ዓቖብ ምስተረኣየ ብዝቐልጠፈ ሓኪም ምድላይ።

ዝኾነ ምልክት ሕማም ምስ ጀመረ ኣብ **ኩሎም** ርክብ ዝገበሩ ሰባትን ኣባላት ስድርኦምን እንተዝከኣል ብሓንሳብ መርመራ ክግበረሎም ኣለዎ ወይ ሓደ ከልካሊ ሕክምና ብሓኪም ክእዘዝ ኣለዎ።

### እቲ ሕማም ምስተቐልቀለ ኣየኖት ምልክታት ይረኣዩ፧

ምንዳድ ቆርበት ከምኡ'ውን ብርቱዕ ብሕልፊ ኣብ ሙቐት ለይቲ ዝመጽእ ስሓ (ዋላ ኣብ ዘይተተንከፉ ቦታታት) መብዛሕትኡ ግዜ ቀዳሞት ምልክታት ናይዚ ሕማም እዮም። እቶም ማይትስ ምውቓት ናይ ቆርበት ቦታታት ይፈትዉ እዮም ንኣ. ኣብ መንጎ ኣጻብዕቲ ኢድ ወይ እግሪ፣ ኣብ ትሽትሽ ከምኡ'ውን ኣብ ናይ ጾታውን መዓኮርን ከባቢ። ንቡራት ቅያራት ቆርበት ከም ዝስዕቡ እዮም፦ ምቅያሕ ቆርበት፣ ጵፆት፣ ማይ ምዕጎ። እቲ ስሓ ዋላ ድሕሪ ዕዉት ሕክምና ገና ሰሙናት ክተርፍ ይኽእል እዩ።

### ኣባኹምን ኣብ ቆልዓኹምን ምልክታት እንተ ተራእዮም እንታይ ክግበር የድሊ፧

ብዝቐልጠፈ ሓኪም ርኸቡ ኢኹም ከምኡ'ውን ናይ ሓባር መቐመጥኹምን ከባብኹምን (ስድራ፣ ምሳኹም ዝቕመጡ፣ ናይ ክንክን ሰራሕተኛታት) ሓብሩ ኢኹም። መጥቃዕቲ ዓበቕ ካብ ባዕሉ ኣይፍውስን እዩ። እቲ ሕክምና ብግዳማዊ ምጥቃም ፍሉይ ክረማ ወይ ምውሳድ ከኒና ወይ ድማ ክልቲኡ እዩ ዝፍጸም። ቅድሚ እቲ ሕክምና ሻወር ምሕጻብ (ብድሕሪኡ ከኣ ቆርበት ብጽቡቕ ምንቓጽ!) ከምኡ'ውን ጽፍርታት ምሕጻር ይምረጽ። ብሓፈሽኡ እቲ ክረማ ካብ ክሳድ ናብ ታሕቲ ኣብ ምሉእ ኣካላት እዩ ዝልኸ። ርእስን ገጽን ክግደፍ ይከኣል፣ ብዘይካ እቲ ቆርበት ኣብኡ በቲ ሕማም እንተ ተተንኪፉ።

**ዝስዕብ ናይ ጽሬት ስጉምትታት ክኽተሉ ኣለዎም፦**

- ኩሎም 12 ክሳብ 24 ሰዓታት ምቕያር ትሕተ-ክዳን፣ ክዳን ዓራትን ኮቦርታታትን
- 2 ሳዕ ምቕያር ሽጎማኖታት ኣብ መዓልቲ

- ንቆርበት ብብርቱዕ ተንኪፎም ዝነበሩ ክዳውንቲ፣ ክዳን ዓራት፣ ሽጎማኖታት ከምኡ'ውን ካልኦት ነገራት ብውሕዱ ብ60 ዲግሪ ሰልስዩስ ን10 ደቓይቕ ምሕጻብ ወይ ንኣ. ውዑይ ትኪ ዝገብር መሳርሒ ኣብ ልዕሊኡ ምጥቃም
- እዚ እንተዘይከኣል ኮይኑ → ኣቕሑትን ዓለባዊ ነገርን ኣብ ናይ ፕላስቲክ ክሻታት ምጥርናፍ ከምኡ'ውን ን72 ሰዓታት ብውሕዱ ብ21 ዲግሪ ሰልስይስ ምኽዛን። እቲ ዝምልከት ነገር ዋላ ብኣሉታ -25 ዲግሪ ሰልስዩስ ክኽዝን ይከኣል
- ሽፋናት፣ መተርኣስ ሰፋ ወይ ዓለባዊ ሽፋን መሬት (እቲ ዝሓመመ ብጥራሕ ነብሱ ኣብኡ እንተ በጥ ኢሉ) ብብርቱዕ መደምሰሲ ደሮና *(ቫኩም ክሊነር)* ክጽረዩ ይኽእሉ (ፊልተር/ሚሐ ከምኡ'ውን ክሻ ብድሕሪኡ ምጉሓፍ) ወይ ብውሕዱ 48 ሰዓታት ዘይምጥቃም
- ጥራይ ንሕጽር ዝበለ ግዜ ርክብ ምስ ኣቕሑ ዝነበሮ ተሓካሚ፣ እዚኦም ኣቕሑ ክጽረዩ ኣየድልን።

### ቆልዓይ ብሰንኪ መጥቃዕቲ ዓበቕ ኣብ ገዛ ክጸንሕ ኣለዎ፧

ሓደ ብመጥቃዕቲ ዓበቕ ዝሓመመ ሰብ (ቆልዓ ሰራሕተኛ) ካብቲ ናይ ሓባር ትካል ክግለል ይግባእ። እቲ ዝሓመመ ቅድሚ ዳግመ ምእታው ኣብቲ ናይ ሓባር ትካል ሓደ መረጋገጺ ናይቲ ዝሕከም ሓኪም ብዛዕባ እቲ ሓሊፉ ዝነበረ ቆጸራ ሓኪም ከምኡ'ውን እቲ ካብቶም ወለዲ ብልክዕ ዝተኻየደ ሕክምና ኣብቲ ናይ ሓባር ትካል ክቕረብ ኣለዎ። (ጥብቆ 2)።

_______________________________

ማሕተም ትካል

# መረጋገጺ

## ነቲ ናይ ሓባር ትካል/መቐመጢ

### (ቤት-ትምህርቲ፣ መዕቆቢ፣ መዋእለ-ህጻናት፣ ጉጅለ ንኣሸቱ ቆልዑ)

እቲ ቆልዓ ድሕሪ ቍጽጽር ከምኡ'ውን እንተዝከኣል ኮይኑ ምስተሓከመ ብዘይ ዓብቕ ናብቲ ሓባር መቐመጢ እንተ ኣብጺሕኩሞ፣ እዚ መረጋገጺ ምልእዎ ከምኡ ድማ ነታ መራሒት/ ነቲ መራሒ ትካል ኣቕርቡ ብኽብረትኩም።

_______________________________

ሽም ቆልዓ

*ዝምልክተኩም ነገር ምልክት ግበሩ/ጸሓፉ፦*

☐ **ኣብ ቆልዓይ <u>ማንም</u> ናይ ዓበቕ ማይትስ (ሓሰኻ) ኣይተረኸቡን፦**

- ☐ እቲ ናይ ወለዲ ሓበሬታ ዓበቕ (ስካቢስ ኣንቢበ)
- ☐ ቆልዓይ ብሓደ ሓኪም/ ብሓንቲ ሓኪም ተመርሚሩ ኔሩ።
- ☐ ናይ ምክልኻል ፍወሳ ምስ (ስም) ........................................ ተኣዚዙ ከምኡ'ውን ብትኽክል ተኻዪዱ።
- ☐ እቲ ሕማም ናብ ካልኦት ሰባት ክመሓላለፍ ስለዝኽእል ዋላ ቅድሚ ምቕልቃል ዝኾነ ምልክት፣ ንዳርጋ 5-6 ሰሙናት ብርቱዕ ርክብ ቆርበት ክንውግድ ኢና፣ ኣብ ሸዑ ግዜ ልክዕ ጌርና ክንዕዝብ ኢብ። ቀዳማይ ኣሰር ናይ መጥቃዕቲ ማይትስ ምስተቐልቀለ ብቕልጡፍ ሓኪም ክድለ ኣለዎ።

☐ **ኣብ ቆልዓይ <u>ናይ ዓበቕ ማይትስ</u> ተረኺቡ፦**

- ☐ ኣብ ቆልዓይ ቀዳማይ ሕክምና ብ ................................................ (ስም መድሃኒት) ኣካይደ ከምኡ'ውን እዚ ሕክምና ካብ ሓኪመይ እንተተደልዩ ክደግሞ እየ።
- ☐ ዋላ ድሕሪ ዕዉት ምሕካም ቆልዓይ ገና 5 ክሳብ 6 ሰሙን 2 ሳዕ ኣብ ሰሙን ማይትስ እንተለዎ ክምርምሮ እየ።
- ☐ ምሉእ ስድራ ካብቲ ሓኪም / ካብታ ሓኪም ናይ ዓበቕ ማይትስ እንተለዎም ተመርሚሮም ከምኡ'ውን እንተ ዘድሊ ኔሩ ብሓንሳብ ተሓኪሞም ኔሮም። ምሉእ ስድራ 5 ክሳብ 6 ሰሙን 2 ሳዕ ኣብ ሰሙን ክምርመሩ እዮም ከምኡ'ውን ሓድሽ መጥቃዕቲ እንተ መጺኡ ሕክምና ክደግሙ እዮም።

| | |
|---|---|
| _______________ | _______________ |
| ዕለት | ክታም ወለዲ / ሕጋዊ ኣላይ |